# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.95 | ሰሉስ 20 ታሕሳስ 2022 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዝሑል ኩነታት ኣየር ጥዕናኻ ሕማም. . .?

ገጽ 3
ቻይናውያን ጉጅለ ሓካይም፡ ርብዒ ዘመን ኣብ ኤርትራ!

ገጽ 4
ዕብየት ትምህርቲ ጾሙማን - ኣካል ሃገራዊ. . .

ገጽ 5
“ሜዳ፡ ኣለም- በቓኝ፡ ሜዳ”

ገጽ 7
ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ተዛዚሙ


## ኤርትራ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ዋዕላ ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነት ተሳቲፋ

ኤርትራ፡ ካብ 7 ክሳብ 19 ታሕሳስ ኣብ ሞንትሪያል - ካናዳ ኣብ ዝተኻየደ መበል 15 ኣህጉራዊ ዋዕላ ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነት ተሳቲፋ።

ኣብዚ “ኩንሚንግ ሞንትሪያል ስልጣኑ፡ ህንጸት ናይ ሓባር መጻኢ ንኹሉም ፍጡራት” ብዝብል ቴማ ዝተኻየደ ወከልቲ 192 ሃገራትን ውድባትን ዝተሳተፍዎ ዋዕላ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባብን ዳይረክተር ጨንፈር ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነት ኣቶ እስቲፋኖስ በየነን ሓላፊ ቑጽባዊ ጉዳያት ኣብ ካናዳ ኣቶ ሳሙኤል ዕቑባዝጊ ንኤርትራ ወኪሎም ተሳቲፎም።

ልኡኽ ኤርትራ፡ ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነት ንምዕቃብን ዘይነጽፍ ንምጥቃምን ኤርትራ - ኣብ ዕቃበ ምሕዋይን ዘላቒ ተጠቃምነትን ዝከውን ወጽኢታዊ ሰጉምታታት ትወስድ ከምዘላ ብምጥቃስ፡ ኣብዚ መዳይዚ ንዝተወደቦ ጸንዓ ሓገዝ ደገፎ ኣረጋጊጹ።

ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት፡ ኤርትራ ብሰፊሕ ህዝባዊ ተሳትፎ ዝፍ ጸጋታታ ኣገባባብ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ምግራብን ምሕዳስን ኣደማቒ ንጥፈታት ከምዘካየደት፡ እንተኾነ ብዙሕ ዝተርፉ ከምዘሎ ስለእትግንዘብ፡ ንደገፋዕኡ ብዕቱብ ትደፍኣሉ ከምዘላ ኣረዲኡ።

ንኣብነት፡ ዝምልከት ሓያሎ ውዕላት ዝኸተመት ኤርትራ፡ ካብ 1996 ኣባል ስምምዕ ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነት እያ።



## ኤርትራውያን ውዳቤታት ኣብ ካርቱም፡ ቀዳማይ ዋዕላ ኣቃኒዮም

ኤርትራውያን ተቐማጦ ካርቱም - ሱዳን፡ “ውዳቤ ከም መድረኽ ግደት” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ - ሰሚናር፡ መጻናዕታዊ ወረቓቕትን ካልእ መሰናድኦታትን ዝጠቓለለ ቀዳማይ ዋዕላ ሃገራውያን ውዳቤታት ኣቃኒዮም።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሱዳን ኣቶ ዒሳ ኣሕመድ ዒሳ ኣብ ዘሰመዖ ናይ መኽፈቲ ቃል፡ ኣብቲ ውዳበታት - ከም ወደባትን ኣለይትን ንጥፈታት ህዝቢን መማእከሊ፡ ዘሎ ገምድና ኣብ ምምዕባል፡ ኣብ ካልእ ኩሉ ሃገራዊ መደባትን መሪሕ ተራኦም ክጻወቱ ኣዘኻኺሩ።

“ኣብ መንጎ ዜጋታት ዝርኣ ምርድዳእ፡ ምውህሃድን ምድግጋፍን፡ ዋሕስ ዓወት እዩ” ዝበለ ኣምባሳደር ዒሳ፡ ምብራኽ ንቕሓትን ምድልዳል መንርሖን - ኣብ ዝሓለፈ መድረኻት ተኣምር ዝሰርሐ ቀንዲ ዕጥቂ መኸተ ምዃኑ ብምዝኻኻር፡ ኣብ ካርቱም ዝነብሩ ዜጋታት ሃገራዊ ፍቕሮም ንምኹላዕን መኸተኦም ንምሕያልን ዘካይድዎ ዘለዉ ጻዕሪ ብዝለዓለ ክደፍኡሉ ጸዊዑ።

ኣቦመንበር ውዳቤ ህግደፍ ኣብ ካርቱም ኣቶ ተኸስቴብርሃን ዑቕባሚካኤል፡ ንኹሉን ውዳበታት ብምውካል ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ንዝሰገረ ብደሆታት ብምስጋር - ኣብዚ ደረጃ ምብጽሑ፡ መርኣያ ጽንዓትን ሓያል መኸተን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኩሉ ኣባል ውዳቤ ከም ወትሩ ብዘወፋይዎ ክሰርሕ ብምልባው፡ ኣምባሲ ኣብ ኩሉ ዕማማቶም ንዘዘውሮ ምድግጋፍን ምትሕግጋዝን ሞጎሱ።

ኣብቲ ዋዕላ፡ ንኸለው ኩነታት ሃገር፡ ልምዓታዊ ጉዕዞን ተበጺሑ ዘሎ ምዕባለታትን ከምኡ’ውን ንዝባዊ ምዕባለታት ዝምልከት ሰሚናር ብኣምባሳደር ዒሳ ኣሕመድ ዒሳ፡ ንውዳቤ ረብሓታቱን ዝምልከት ደማ ብሓላፊ ህዝባዊ ጉዳያት ኣቶ እስማዒል መሳ ከውሳብ እኽሎ፡ ንምሕያል ሃገደኡ፡ ንጥፈታት ባህሊ፡ ህዝባዊ ጥዕና፡ ከምኡ’ውን 4ይ ግንባር መኸተን ማሕበራዊ መራኸቢታትን ዝምልከት ወረቓቕቲ ደማ ብመንእሰያት ኣብቲ እተን ውዳቤታት ቀሪቡን ዘተ ተኻዪዱሉን።



## ማእከል - ግዜኡ ዝሓለፈ መድሃኒት እንስሳን ኣሕምልትን ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ኣትዩ

ጨንፈር ሕግን ስርዓትን ዞባ ማእከል፡ ምስ ክፍሊ ሕጋጋትን ቁጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ጥዕናኡ ዘይተረጋገጸን ግዜኡ ዝሓለፈን መድሃኒት እንስሳ፡ ኣሕምልትን ብቖልን ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ኣእቲዩ።

ሓላፊ’ቲ ጨንፈር ኮሎኔል ተስፋሚካኤል ተስፋጽዮን፡ እቲ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ዝኣተወ መድሃኒት፡ ኣብ ከበባታት ዕዳጋታት ላኻን ሓራጅን፡ ማርካቶ፡ ማይ-ኣፍራሰን ኣቡሻውልን ኣብ ትካላት ምንፍፋል ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ከምኡ’ውን ኣብ ጉደና ተርጊሑ ክሸየጥ ዝተታሓዘ ምዃኑ ገሊጹ።

እቶም ኣብዚ ዘይሓላፍነታዊ ስራሕ ተዋፊሮም ዝጸንሑ ሰባት፡ በቲ ዝረኽብዎ መኽሰብ እምበር - ብማዙኡ ዝገደሱ ከምዘይኮኑ ብምምልካት፡ ካብ ገዝኦዊ መቕጻዕቲ ክሳብ ምዕጻው ትካል ንዝዘውስ ግዜ ዝዝርጋሕ መቕጻዕቲ፡ ምስናይ ከበድ መጠንቀቕታ ከም እተበየነሎም ሓቢሩ።

ኢንስፔክተር ግርማይ ኣብራ ድማ፡ ዝበዝሐ ካብቲ ዝተተሓዘ መድሃኒት፡ ኣብ ወሰኽ’ቲ ዝፈረያሉ ሃገር ጥራይ ከምዝገልግል ዝሕብር ጽሑፍ ከምዝጸንሖ ብምሕባር፡ ሓረስቶት ኣብ ንጥፈታቶም ዝጥቀሙሉ ዓይነታት መድሃኒት፡ ብሰብሞያ ዝተረጋገጸን ካብ ሕጋዊ ትካል ክኸውንን ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ሕግን ስርዓትን ዞባ ማእከል ኮሎኔል ተስፋሚካኤል ተስፋጽዮን፡ ሕብረተሰብ ዝም ንጥዕና ሕብረተሰብን ኣከባብን ኣብ ሓደጋ ኣብ ዘእቱ ዘይሕጋዊ ንጥፈታት ዝተዋፈሩ ኣብ ምቅላዕ ተራኡ ከዕዝዝ ኣተሓሳሲቡ።



## ጋሽ-ባርካ - ሞያውያን ሕርሻ ኣባላት ኮርፖረሽን ጥሪትን ዘራእትን ይምጉሱ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ዝርከብ ዘለዉ ኣባላት ኮርፖረሽን ጥሪትን ዘራእትን ዝኾኑ ሞያውያን ሕርሻ፡ በብዓውደም ተመዲቦም ኣብ ዘሰላስልዎ ዘለዉ መደባት ሕርሻዊ ልምዓት ዕዙዝ ኣስተዋጽኦ ይገብሩ ከምዘለዉ ተሓቢሩ።

ኣብ’ቲ ኮርፖረሽን ሓላፊ ሕርሻታት ደቡባዊ ምዕራብ ኣቶ ሓይለዝጊ ሃብቶ፡ እቲ ብውሑዳት ሞያውያን ዝጀመረ መደባት፡ ምስ ብዝሒ ካብ ኮሌጃት ዝተመደቡ መንእሰያት እናሰፍሐን እናማዕበለን ከምዝመጽእ ገሊጹ።

ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ንጡፍ ስራሕ ካብ ዘሎ ኣሸታት ሓደ ሽሕ ዓቐሚ ሰብ፡ እቶም ኣሸታት 600 ሞያውያን ዝተፈላለየ ዓውድታት ሕርሻ ምዃኖም ዝጠቐሰ ኣቶ ሓይለዝጊ፡ ኣብ ምዕባለ ናይ’ቲ መደባት ንዝዛዘርዎ ዘለዉ ስነፍልጠታዊ ኣበርክቶ ንኢዱ።

እቶም መንእሰያት፡ ኣብ ሃብቲ እንስሳ፡ ሕክምና እንስሳ፡ ሰብቖሉ፡ ምክልኻል ብቖሊ፡ ሕርሻዊ ምህንድስናን ልምዓት መስኖን ዝርከብ እዮም።

ኣብ ሕርሻ ከታይ ዝርከብ ዘለዉ ሞያውያን - ስምኦን ኤፍሬምን ኮማል ዓብደልቃድርን ዝቐሰምዎ ትምህርቲ ብግብራዊ ስራሕ ከማዕብልዎን ክድርዕዎን ዓቢ ዕድል ከምዝረኸቡ ብምምልካት፡ ዝተዋፈሩሉ ዓውደ ስራሕ ብኣድማዕነት ንምትግባር ድርኺት ፈጢሩሎም ከምዘሎ ገሊጾም።

# ዕብየት ትምህርቲ ጽሙማን - ኣካል ሃገራዊ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ



ገርጊስ ፍቓድ

ቀዳማይ ክፋል

ታሪኻዊት ቤት-ትምህርቲ ጽሙማንኽረን፡ ካብቲ ዝተማስረተትሉ እዋን ኣብ መበል 67 ዓመት ዕድመኣ፡ ካብቲ ዝጸንሓቶ ናይ መባእታ ደረጃ ለምዚበን ኣብ ዓመት-ትምህርቲ 2022-2023 ናብ ማእከላይ ደረጃ ዓብያ ኣላ። እታ ቤት-ትምህርቲ፡ ካብ ናይ ወልቂ ምሕደራ እውን ናብ ናይ መንግስቲ ምሕደራ ብምስግጋራ - ካልእ ታሪኻዊ ነጥቢ መቐየሮ እዩ።

መንግስቲ ኤርትራ፡ ካብ ጽባሕ ናጽነት ጀሚሩ ፍሉይ ኣተኩሮ ብምሃብ ብዕቱብነት ካብ ዝሰርሖም ንጥፈታት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ትምህርቲ ካብቶም ብቐዳምነት ዝጥቀሱ ሓደ እዩ። ክሳብ ዓመት-ናጽነት ብደረጃ ሃገር ዝጸንሐ ህጹጽ ትሕተ-ቅርጺ ትምህርቲ ኣዝዩ ድሩትን ብኣጻብዕቲ ዝቑጸርን እዩ። ብዓይነት ይኹን ብበዝሒ፣ ምህሮ ትምህርትን ኣብያተ-ትምህርትን ኣዝዩ ድሩት እዩ ነይሩ። መንግስታዊ ልምዓውን ስሩዕን ኣብያተ-ትምህርቲ ከምቲ ዝድለ ኣብ ዘይብሉ መድረኽ፡ ብዛዕባ ኣካላዊ ስንክልና ይኹን ካልእ ጸገማት ዘለዎም ዜጋታት ዝሓሊ ትካል ትምህርቲ ምሕሳብ ኣጸጋሚ እዩ ዝነበረ።



ኣቶ ወልደሚካኤል

ቤት-ትምህርቲ ጽሙማንኽረን፡ ብሓልዮት ስዊድናዊ ቀሺ ኣለ ሻገር ዝተማስረተት ኮይና፡ ካብ ፊንላንድ ብዝመጸኣት ሚስዮናዊት መምህር ኢልሲ ሩዝ - ኣብ 1955 ኣብ ፕላሶ ሪጋ ኣብ ናይ ክራይ ገዛ ኢያ ጀሚራ። እዛ ታሪኻዊት ቤት-ትምህርቲ እዚኣ ኣብቲ እዋን'ቲ ብደረጃ ኣህጉር ኣፍሪቃ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ እትስራዕ ክትከውን እንከላ፡ ብደረጃ ምብራቕ ኣፍሪቃ ከኣ ፋልመይቲ እያ። ቀለማዊ ስሩዕ ዘመናዊ ትምህርቲ ኣብ ኣዝዩ ትሑት ደረጃ ኣብ ዝነበረሉ መድረኽ፡ ንጽሙማን እተገልግል ቤት ትምህርቲ ምህናጽ ኣዝዩ ዘርእምን ብርቂ ነገርን እዩ ነይሩ። ከረንን ከባቢኣን ኣብ ታሪኽ ምጅማርን ምምስራትን ቀለማዊ ትምህርቲ ሃገርና፡ ምስ ምትእትታው ሚስዮናውያን ናይ ቀዳምነት ዕድል ዝረኸበ ከባቢ ምኳኑ ይፍለጥ።

ኣመሰራርታ ቤት-ትምህርቲ ጽሙማን፡ ብናይ ሓደ ወልቀሰብ ሰናይ ድሌትን ሓልዮትን ዝተበገሰት ኢያ። ኣብ 1940ታት ኣብ ኤርትራ ተመዲቡ ዝነበረ ስዊድናዊ ወንጌላዊ ቀሺ ኣለ ሻገር፡ ናይ ኢጋጣሚ ነገር ወይዘሮት ፍቓዱ እትበሃል ናይ ገዛ ሰራሕተኛኡ ጽምምትን ትከርትን ነበረት። ናይ ስድራኣ ድሕረባይታ ከኣ ሕማቕ ኢጋጣሚ ኮይኑ ክልተ ኣሓታ ነይኣ ጽሙማን፡ ወላዲኣን ድማ ኣብ ህጻንነተን ካብዛ ዓለም ብሞት ስለዝተፈልየ ብዘኽትምና ዝኣበራ ወጹዓት ብምንባረን፡ ወላዲቶን ንዕኤን ንምእላይን ንምዕባይን ተዓሲባ እትሰርሖ ጸገማቲ ምኻና ተገንዘበ።

በዚ መሰረት፡ ብዘይካ እዘን ብቐረባ ዝፈለጠን ሰለስተ ኣሓት ካልኦት'ውን ተመሳሳሊ ጸገም ዘለወን ዘለዎምን ግዱያት ክህልዉ ከምዝኽእሉ ብምሕሳብ፡ ነዚ ጸገም'ዚ ንምፍታሕ ተባዕን ዕዉትን ተበግሶ ወሰደ።

"ሰብ ንምርዳእ፡ ሰብ ምዃን ጥራይ እኹል እዩ!" ዚብል ልሙድ ጥቕሲ ግብረ ሰናይ ኣሎ። ሰናይ ተግባር ከኣ ወገኑ ዓሌት ይኹን ሃይማኖት ዘይፈሊ፡ ብሰብኣዊ ሕልና ዘድረኾ ተግባር እዩ። ቀሺ ኣለ ኣብ 1947 ብዕረፍቲ ንዓዱ ስዊድን ኣብ ዝተመልሰሉ ህሞት፡ ምስ ብዙሓት ካልኦት ግዱሳትን ብምርድዳእ (Deaf African Mission)'ኣፍሪቃዊ ሚስዮን ንጽሙማን' ዝብል ማሕበር ብምምስራት፡ እዛ ቤት ትምህርቲ'ዚኣ ከም እትጀመር ተገይሩ።

እታ ናይ መጀመርያ ቤት-ትምህርቲ ጽሙማን፡ ኣብ ሕምብርቲ ከተማ ከረን ኣብ ፕላሶ ሪጋ ብክራይ ብዓሰርተ ተማሃሮ እያ ጀሚራ። ነዊሕ ከይጸንሐ ግን እቲ ጉዳይ ቀላሕታ መንግስቲ ስለዝረኸበ፡ ናይ ሽው መንግስቲ ፌደረሽን ኤርትራ ምስ ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ብምርድዳእ፡ እታ ቤት ትምህርቲ ባዕላ እትውንኖ ቦታ ክወሃቦም ሓሳብ ቀረበ። በዚ መሰረት ብሰናይ ድሌት ናይ ሽው (ኮሞርያቶ) ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ሰንሒት ዝነበሩ ደግያት እምባየ ሃብቱ፡ ብ1955 ኣብ ከባቢ ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ከረን ኣብ ትሕቲ ሶሚናዊ ወገን ፎርቶ ናይ ወተሃደራት ጣልያን ዝነበረ ጥንታዊ ገዛውቲ ብምጽጋኑ፡ ንጽሙማን ዘገልግል ቤት ትምህርትን መንበርን ተዋሃበ። እዛ ቤት ትምህርቲ ብወግዒ ኣብ ዝተኸፍተትሉ ጽምብል፡ ሃጸይ ሃይለስላሴ እውን ተሳቲፉ ነይሩ።

ምስ ግዜ እቲ ጠለብ ትምህርቲ ጽሙማን ብኣዝዩ ዝተዓጸፈ መጠን እናዓበየ ስለዝኸደ፡ ብማጣኡ ናይ ገለ ወሓሉዓት ጠለብ ፍታሕ ዝረኸበሉ ባይታ ንምጥጣሕ ብ1968 ዓም ኣብ ሶሚናዊ ጫፍ ከተማ ከረን ኣብ ከባቢ ደዓሪ ንተመሃሮ ዘገልግል ሰፊሕ መኻዝን ዘለዎ ጃርዲን፡ መማሃሪ ክፍልታትን መደቀሲን ከምኡ'ውን ናይ መማህራንን ሰራሕተኛታትን መንበሪ ኣብያትን ዘጠቓልለ ዘመናዊ ህንጻ ተሰርሐ።

ቤት ትምህርቲ ጽሙማን ኣብ መጀመርያ ዝተማስረተትሉ እዋን፡ ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ጀሚራ በብዓመቱ ምስ ምውሳኽ ደረጃ ክፍሊ ተማሃሮ እናዓበዮትን ሓደ ክፍሊ እናወሰኸትን ክሳብ ሓሙሻይ ክፍሊ በጺሓ፣ ካብኡ ንላዕሊ ግን ኣይቀጸለትን። በዚ መሰረት ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ካብ 1ይ ክሳብ 5ይ ናይ መባእታ ደረጃ ዘጠቓልል ኮይኑ፣ 5ይ ክፍሊ ዝወድኡ ተማሃሮ ከኣ ናይ ሓደ ዓመት ናይ ኢደ-ጥበብ ሞያዊ ስልጠና ተዋሂቡዎም እያም ናብቲ ሕብረተሰብ ዘጸንበሩ።

ቤት ትምህርቲ ጽሙማን ከረን፡ ናይ ተማሃሮኣ ኣገልግሎት ትምህርቲ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ክሳብ ትምህርቶም ዝዛዘሙ መንበሪኦም እውን እተጠቓልል ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ስለዝኾነት፡ እትሕዞ ዓቕሚ ሰብ ኣዝዩ ድሩት እዩ። ኣካዳምያዊ ትምህርቶም ወዲኦም ብኢደ-ጥበብ ዝሰልጠኑ ክፋኣው። እንኸለው ዓመታዊ ናይ እትቕበሎም ሓደስቲ ጀመርቲ ተማሃሮ ብዝሒ፡ 12 ጥራይ እዩ። እቶም ዚ ዕድል'ዚ ዘረኽቡ ተማሃሮ፡ ንሓሙሽተ ዓመታት ዝኣክል ተመዝጊቦም ተርታኦም ክሕልዉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ዕድሚኦም ካብ 12 ዓመት ንላዕሊ ምስ ኮነ እዮም ዘጸንበሩ። ብዙሓት ከኣ ኣብ ትጽቢት ጥራይ እናነበሩ እቲ ዕድል ከይበጽሖም ዕድሚኦም ልዕሊ ዓቕሙ-ኣዳምን ዓቕሙ-ሄዋንን ሓሊፉዎም ዝተርፉ ኣለው።

ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ብደረጃ ሃገር ካብ 30 ሽሕ ክሳብ 40 ሽሕ ዝኾኑ ጽሙማን ከም ዘለዉ ይግመት። ካብ'ዚ ናይ ዓሰርተታት ኣሽሓት ብዝሒ ዓመታዊ 12 ሰባት ጥራይ ምቕባል እምበኣር፡ ዳርጋ ከም ዕጫ ሎተሪ ዝኾመት - ብሚኢታዊት እውን ከተጸጽሮ ዘጸግም ቁጽሪ እዩ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ተመዝጊቦም ናይ ዕድል ተርታኦም ዝጸበዩ ዘለዉ 230 ጽሙማን ዜጋታት ኣለዉ። ካልኦት ኣማኢት ኣሽሓት ከኣ ዘይተመዝገቡ፣ ተርታ ዘይሓዙን ተስፋ ዝቖረጹን ኣለዉ። ብዘይካ'ዚ እውን ብሰንኪ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ብዝጋጠመ ምምዛብል ኣብ ዝሓለፈ ዓመት (ዓመት ትምህርቲ 2021 – 2022) ከኣ'ኳ ዚግበኦም ተማሃሮ ኣይተመዝገቡን።

ቤት ትምህርቲ ጽሙማን ከረን፡ ኣብ'ዚ ሕጂ ተደኲናትሉ ዘላ ቦታ ጥራሕ ካብ 1968ን ጀሚራ - ናይ ልዕሊ ፍርቂ ክፍለዘመን ዕድመ እኳ እንተሃለዋ፡ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ካብ ናይ መባእታ ደረጃ ኣይሓለፈትን። ካብ ዝተማስረተትሉ ክሳብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ከም ናይ ወልቂ ቤት ትምህርቲ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ወንጌላዊት ሉተራዊት ቤተ ክርስትያን ዝጸንሐት ኮይና፡ ለምዚበን ግን ኣብ ዓመት ትምህርቲ 2022–2023 ናብ ምሕደራ መንግስቲ ተሰጊራ ኣላ።

ከም ርእሰመምህር ናይ'ዛ ቤት ትምህርቲ ተመዚዙ ዘሎ መምህር ተስፋብርሃን መንግስ፡ ብዛዕባ'ቲ ህልው ኩነታትን ንጥፈታትን ናይ'ታ ቤት ትምህርቲ ኪገልጽ እንከሎ፡ "ምስ ኣቦራት መማህራንን ኣቦላት ስታፍን ብዘበርናዮ ገምጋማዊ ዘተ መሰረት፡ ምስ ሓለፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤል ብምርድዳእ ለምዚበን ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ 6ይን 7ይን ክፍልታት ከፊትና ኣሎና። እዚ ሓበሬታ'ዚ ብደረጃ ሃገር ስለዝተዘርግሐ መባእታን ሞያዊ ስልጠናን ዛዚሞም ተፋንዮም ዝነበሩ ተማሃሮ ናይ'ዛ ቤት ትምህርቲ'ዚ፡ ብበዝሒ መጺኦምና። ክንሕዞ እንኽእል ዓቕሚ ድሩት ስለዝኾነ ግን፡ ኣብ ክልቲኡ ክፍልታት ብድምር 23 ተማሃሮ መዝጊብና ስሩዕ ትምህርቲ ጀሚርና ኣሎና" ኢሉ።

መንግስቲ ኤርትራ፡ 'ትምህርቲ ንኹሉ' ዚብል ጽኑዕ መትከል ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ዕድመን ጾታን ከይፈለየ ዋላ ነቶም ስሩዕ ናይ ትምህርቲ ዕድላት ዝሓለፎም ዜጋታት ብመደብ ዓረየት፣ ምጥፋእ መሃይምነት፣ ትምህርቲ ንዓበይቲ፣ ኣካላዊ ይኹን ኣእምሮኣዊ ስንክልና ዝለዎም ዜጋታት እውን ብዝተኻእለ መጠን ከም ዓቕሞም ተቛደስቲ ናይ'ዚ ዕድላት እዚ ክኾኑ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ባይታ የጣጥሕ ኣሎ።

ሓደ ጽሙም ዜጋ፡ ብዘይካ እታ ናይ ምስማዕ ጸገም ከም እቲ ካልእ ኣካላቱን ህዋሳቱን ምሉእ ስለዝኾነ፡ ካብቲ ተራ ሰብ ዝፈልዮ የብሉን። ከም ኩሉ ሰብ ክሰርሕ፡ ክበርክት፡ ክዕምድ፡ ክፍር. . . ኣብ ኩሉ ማሕበራውን ናይ መትከሮን መዳያት ህይወት ከም ሰብ ክኾኦ ከምዝኽእል ብግብሪ ዝተረጋገጸ ሓቂ እዩ። ዝኾነ ዝሰምዕ ሰብ ክገብሮ ዝኽእል ንጥፈታት ኪገብር ጸገም የብሉን።

ኣብ ሕብረተሰብና ከም ዓቢ ብድሆን ጸገምን ዝርአ፡ እቲ ምስ ጽሙማን ክግበር ዚኽእል ሜላ ምብህሃል (communication) እዩ። እዚ ጸገም'ዚ ግን ብቐሊሉ ክፍታሕ ዝኽእል ምዃኑ ብግብሪ ይረአ ኣሎ። ንቕሓት፣ ድሌትን ተበግሶን እንተሃልዩ እቲ ሓበራዊ መረዳድኢ ዝኾነ ቋንቋ ምልክት፡ ኩሉ ሰብ ክለምዶን ክርድኦን ዝኽእል እዩ። ነቲ ናይ ምብህሃል ጸገም ንምፍታሕን ተጸሊኡ ንምውጋድ፡ እቶም እንሰምዕ ምስ'ቶም ዘይሰምዑ ኣሕዋትና ብሓበራዊ ቋንቋ ክንረዳዳእ ብዘወሃይትን ተግዳስነትን ክንመሃር የድለ። ንሕና ናይ ምስማዕ ጸገም ስለዘይብልና፡ ንሕና ኢና ነቲ ናቶም ክንመሃሮ ዘሎና። ምኩራት መማህራን ከምኡ'ውን መማሂሪ መሳለጥያታት፣ መማሂሪ ፊደላትን መዘበ ቃላትን ተዳልዩ ስለዘሎ፡ እቲ ትምህርቲ ከበድ ኣይኮነን።

ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ እውን፡ ብደረጃ ሃገር ንጡፍ ጨናፍር ብምምዳብ፡ ካብ ስሩዕ ትምህርቲ ወጻኢ ብዘተፈላለየን ውዱብን ኣገባብ ቋንቋ ምልክት የምህር ስለዘሎ፡ እቲ ንቕሓትን ኣፍልጦን ሕብረተሰብ ብዘተዓጻጸፈ ደረጃ ዓብዩ ኣሎ። ጉድኒ-ንጉድኒ ናይ'ዚ ንቕሓት እዚ ከኣ እቲ ኣብ ከረን ጥራሕ ተሓጺሩ ዝነበረ ቤት ትምህርቲ ጽሙማን፡ ብደረጃ ሃገር ኣብ ካልኦት ዞባታት እውን ክትግበር ወጥኡ መደብ ተታሒዙ ከምዘሎ ኣቦመንበር ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ ኣቶ ወልደሚካኤል ሰኣለ ይሕብር። በዚ መሰረት፡ ኣብ ኣቓርደት ተጀሚሩ፣ ኣብ ደቀምሓረን ቦርዲን ማይ-ሓብርን እውን ኣብ ምብጋስ ደርኒሑ።

እዛ ብወንጌላዊት ሉተራዊት ቤተ-ክርስትያን ክትመሓደር ዝጸንሐት ቤት ትምህርቲ ጽሙማን ዝተማስረተትሉ ቀንዲ ዕላማ፡ ጽሙማን ከም ኣካል ሕብረተሰብ መጠን ካብ መሰረታዊ ትሑት መነባብሮን ሕሰምን ንኽንጸሉ፣ ብትምህርትን ሞያን ስልጠናን ናይ ወለዶም ሕብረተሰቦምን ጾር ካብ ምዃን ተገላጊሎም፡ ርእሶም ከምዝኽእሉ ንምግባር እዩ። እንተ ተማሂሮምን ሰልጢኖምን ከኣ፡ ኣፍረይቲ ዜጋታት ብምዃን ከም ኩሉ ዜጋ ኣብ ኩሉ ንጥፈታት



መም.ተስፋብርሃን

ሕብረተሰብ ተሳቲፍቲ ክኾኑ ዝእገዶም ኣይኮነን። ብግብሪ ከም ዝተራእየ እውን መብዝሕትኦም ናይ ትምህርትን ስልጠናን ዕድል ዝረኸቡ ጽሙማን፡ በሎሕትን ኣዝዮም ንጡፋትን እዮም።

ቤት ትምህርቲ ጽሙማን ከረን፡ ብደረጃ ሃገር ካብ ኩለን ዞባታትና ብዘይዝኾነ ኣፈላላይ፡ ጓል/ወዲ ብዘርታ ንዝተመዝገቡ ተማሃሮ ትቕበል። ንቕሓትን ኣፍልጦን ሕብረተሰብ እናበረኸ ብዝኸደ መጠን ከኣ እቲ ጠለብን ድሌትን ዝዕዳ እናዓበየን ጸቕጢ እናፈጠረን ስለዝኸደ፡ ከም መቐጸልታን ተሓጋጋዚትን ናይ'ዛ ቤት-ትምህርቲ፡ ማንታኣን ካልኣይታን ኣብ 1988 ዓም ኣብ ኣስመራ ተማስረታ ስሩዕ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ትርከብ።

ብሓፈሻኡ ክረአ እንከሎ፡ እቲ ኣካዳምያውን ሞያውን ትምህርቲ ተመሳሳሊ እኳ እንተኾነ፡ ኣብ ምሕደራ እታ ናይ ከረን ኣሕዳሪት (ቦርዲን) ክትከውን እንከላ፡ እታ ናይ ኣስመራ - ተማሃሮ ምስ ቤተሰቦምን ኣዘማድዶምን እናነበሩ ንኣገልግሎት ትምህርቲ ጥራሕ እናተመላለሱ ዝመሃሩላ እያ። ልክዕ ከም'ቲ ካልእ ስሩዕ መዓልታዊ ትምህርቲ ሃገርና። ስለ'ዚ ኣሕዳሪት ብዘይምኻና፡ እታ ቤት ትምህርቲ ዓመታዊ እትቕበሎም ብዝሒ ተማሃሮ፡ ብተዛማዲ ካብ ናይ ከረን ዝበዝሑ እዮም።

እዛ ቤት ትምህርቲ፡ ምስ'ቲ ናይ መባእታ መደብ ብተወሳኺ ናይ መዋእለ ህጻናት ኣገልግሎት እውን ስለዘለዋ፡ ዕድሚኦም 5 ዓመት ዝመልኡ ጽሙማን ህጻናት፡ ብኡ ናይ ትምህርቲ ዕድል ይረኽቡ ኣለዉ። ካብ ዓመት ትምህርቲ 2022–2023 ጀሚራ ከኣ፡ ብማዕረ ከም'ታ ናይ ከረን ናብ ማእከላይ ደረጃ ዓብያ ብምህላዋ፡ ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለዎም ዜጋታት ዝሰፍሐን ብሩህን መጻኢ ዕድል ትምህርቲ ተጣጢሑሎም ደርኒሑ።





# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## “ሜዳ፡ ኣለም-በቓኝ፡ ሜዳ”

**ዓርቢ 14 ጥቅምቲ 2022፡ ብተጋዳሊት ኣብርሀት የማነ ዝተጻሕፈት፡ ንታሪኽ ህይወታ ኣብ ገድሊ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣለም-ብቓኝ እንድሕና ኣብ ገድሊ እተዘንቱ - “ሜዳ፡ ኣለም-ብቓኝ፡ ሜዳ” - ዘርእስታ መጽሓፍ ምስ ህዝቢ ተላልያ ነይራ። ኣብዚ ታሪኽን ዓይነታዊ ኣዘናትዋ፡ ብፍላይ ድማ ዛንታ ሰብ ወዕሎ፡ ተዋሓዱዋ ዘሎ እዋን፡ ምሕታም ናይታ መጽሓፍ መመላእታ ኮይኑ ጌና ማንካ ዘይተላዕሎ ማስተማክር ታሪኽና'ዩ ክበሃል ይከኣል። ንሎሚ ኣብዚ ዓምዲ፡ ኣብ መደብ ምልላይ ናይታ መጽሓፍ፡ ብኽልተ ሞያውያን ካብ ዝቐረበ ሓበሬታ ገለ ክፋሉ ነቕርበልኩም።**

*****

ጓል የማነ ነዛ መጽሓፍ'ዚኣ ብምድላው፡ ታሪኻ ጥራይ ኣይኮነትን ኣዘንትያ፤ ኣብ ግምጃ ሰነጽሑፍ ሃገርናን ምስናድ ታሪኽ ህዝብናን ሃገርናን ምቕሉል ኣበርክቶ ገይራ ኣላ።

ንሕና ኤርትራውያን ፍሱ-ወከፍና፡ “ንባልና ታሪኽ ኢና” ክንብል እኽእል። ምስቲ ሃገርና ዝሓለፈቶ ብዙሕ ፈታኒ መድረኻትን መሪር ቃልሲን (ቅድሚ ናጽነት ይኹን ድሕሪ ናጽነት) ዳርጋ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ዘሕለፎ ህይወት ዓቢ መጽሓፍ ክኸውን ዝኽእል'ዩ። ግን ከኣ፡ ሰብ ታሪኽ እምበር ጸሓፍቲ ታሪኽ ኣይኮንናን። ዛጊት ዝተጻሕፈ ምስ ሰፊሓት ታሪኽና ክወዳደር እንከሎ፡ ንጣዘብ ካብ ማይ ባሕሪ እዩ። ብፍላይ ዝተጻሕፈ ውልቀ-ታሪኽ እንተሎ፡ ኣዝዩ-ኣዝዩ ውሑድ'ዩ።

ሓንቲ ብዙሕ ግዜ ዝደጋገም “ሓደ'ኳ ታሪኽ ክጽሕፉ ዘኽእል የልቦን” እትብል ጥቕሲ ኣላ። እዚ ኣበሃህላ'ዚ... ዛንታ ደቂሰብ፡ ታሪኽ ሕብረተሰብን ሃገርን ዛንታ ሓደ መዋእልን ወለዶን፡ ብሓደ ጸሓፊ ኣብ ሓደ መጽሓፍ ክትረኽ ከም ዘይክእል ንምግላጽ ዝተባህለ'ዩ። ታሪኽ ሃገርን ሕብረተሰብን፡ ጠቕለልካ ኣብ ሓደ መጽሓፍ ወይ ብሓደ ዓይነት ቅዲ ጽሑፍ ክትገልጾ ፍጹም ዘይከኣል'ዩ። ታሪኽ ብምምልላእ፡ ማለት፡ ብንኣሽቱን ዓበይትን ኣበርክቶ ናይ ብዙሓት፤ ብዝተፈላለየ ስነ-ጥበባዊን ስነ-ጽሑፋዊን ቅዲታት ኣቀራርባ... እዩ ክግለጽ ዝከኣል።

ኣብ ዓውዲ ስነ-ጽሑፍ፡ ታሪኽ ብብዙሕ መልክዕት ክጸሓፍን ክስነድን ይኽእል። መጽናዕታዊ ጽሑፍ፡ ሓደ ቅዲ ኣጸሓሕፋ ታሪኽ እዩ። እዚ ቅዲ'ዚ፡ ኣብ ሓፈሻዊ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ባህላዊን ማሕበራዊን መዳያት ናይ ታሪኽ፡ ኣብ ሰፊሕ ሓበሬታ፡ ኣሃዛትን ጭብጢታትን ኣብ ግደ ላዕለዋት መራሕቲን ወሰንቲ ኣካላትን ዘድህብ'ዩ። ኣብ ፍሉይ ፍጻመታትን ውዕሎታትን ዝቘንጠ ናይ ሓብር ነዋሕቲ ዛንታታት (ኖቨል) ከምኡ'ውን ሓጸርቲ ዛንታታት ከኣ፡ ኮይኑ ሓፈሻዊ ታሪኽ ምልኣት ዘውስኽሉ፡ ካልእ መልክዕ ኣጸሓሕፋ ታሪኽ እዮም። ኣብ ሓቀኛ ታሪኽ መሰረት ዝገበረ ብልቢ-ወለዳዊ ገጸ-ባህርያት ዝቐውም መጽሓፍ'ውን እንተኾነ፡ ሓደ ኣገባብ ኣዘናትዋ ታሪኽ'ዩ።

ከምዚ ኣብርሀት ኣዳልያቶ ዘላ ታሪኽ ህይወት ወይ ውልቀዛንታ (Autobiography) ድማ፡ ካልእ ፍሉይ ዝኾነ ቅዲ ኣጸሓሕፋ ኾይኑ፡ ብመገዲ ውልቀሰብ፡ ዝተፈላለየ ፍጻመታት ዘዘንቱ እዩ። እዚም ዝተጠቕሱን ዘይተጠቕሱን ቅዲታት ሰነዳ ታሪኽ፡ ኩሎም ብልሜታቶም ሕጽረታቶም ኣለዎም። ዘለዎም ሃጓፋት ተመላሊኦም ከኣ፡ ንታሪኽ ብምልኣት ክገልጹዎ ይኽእሉ። ናይ ታሪኽ ሃጓፍ ካብ ዝምልኡ ዓይነት መጻሕፍቲ ሓደ እምበኣር፡ ታሪኽ ህይወት (Biography) እዩ።

ሰብን መድረኻን ሓለፍቲ እዮም። እቲ ዝተርፍ ታሪኾም ጥራይ እዩ። ንሱ'ውን እንተ ተሰኒዱ። ገድሊን ማሰገደላቱን ኩሉ ህይወት ቤት-ማእሰርቲ ኣለም-ብቓኝ ኣብ ሓደ እዋን ቀንዲ ዛዕባ ወግዕና ከም ዘይነበረ፡ ሎሚ ሳሕቲ ዝልዓል ዛንታ'ዩ። ርግጽ'ዩ ዝኸርታቱ ገና ኣብ ኣእምሮ ብዙሓት ድሙቕ ኣሎ። ዝኸሪ ናብ ጽሑፍ እንተ ዘይሰጊሩ ግን፡ ምስ ግዜ እናሃሰሰ፡ መውዳእታ ምቕሃሙ ኣይተርፍን። ነዚ ብምግንዛብ፡ ደራሲት ኣብርሀት የማነ፡ ውልቀ-ታሪኻ፡ ኣብ ግምጃ ሃገራዊ ታሪኽን ስነ-ጽሑፍን ንምውሳኽ ዘወሰደቶ ተበግሶ ዝምጐስ'ዩ።

ሓቀኛ ዛንታ ውልቀሰብ (Autobiography)፡ ወኪሉ ሓደ ታሪኻዊ መድረኽን በቲ መድረኽ'ቲ ዝተጸልወ ዕሜ ሰባትን እዩ። መጽሓፍ፡ “ሜዳ፡ ኣለም-በቓኝ፡ ሜዳ”፡ ኣብ እዋን ስትራተጂያዊ ምዝላቕ፡ ተጋዳሊት ኣብርሀት የማነ ኣብ ዓውደ-ውግእ ቈሲላ ኣብ ኢድ ጸላኢ ድሕሪ ምውዳቓ፡ ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ዘሕለፈቶ ህይወት ዝትርኽ እዩ። ኣብርሀት፡ ኣብ መጽሓፋ ኣዘንትያቶ ካብ ዘላ እቲ ዝበዝሐ ናይ ቤት-ማእሰርቲ ተመክሮኣ ኾይኑ፡ ዛንታኣ ካብ እዋን ንእስነት ስለ ዝጀመረ፡ ኣብ መፋርቕ 70ታት፡ ምስ ምኽራር ግፍዒታት ጸላኢ ምዕባሌታት ሰውራ፡ ኣብ መላእ ኤርትራ፡ ኣውራ ድማ ኣብ መንእሰያት ኣስመራ ዝተኻዕወረ ሓያል ናይ ምቅላስ መንፈስን ሃገራውነትን፤ ህይወት ገድሊ፡ ጣዕሙን ምረቱን፤ ባህርያት ሰባት፤ ዝተፈላለየ ዘስሕቕን ዘርግምን ኣጋጣሚታትን ናይ እዋኑ ወግዒታትን ስለ እተዘንቱ፡ ንድሕሪት መሊሱ መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ሓደ መድረኽ ንዝሓለፉዎ ብዓይነቱ ፍሉይ ዝበለ ህይወት እተዘኻኽር ሰሓቢት መጽሓፍ'ያ።




ውልቀ-ታሪኽ፡ ዝዓበየ ብልጫኡ፡ ዛንታ ምንጋሩ ጥራይ ኣይኮነን። ሰባት ንዝገጠሞም ብድሆታት ከመይ ሓሊፎሞ እናተረኸ፡ መድረኽ ዝፈጠሮ ጸገማት ኩሉ ዕድላት ናብ ረብሓኦም ክቕይሩዎ ዝኸኣሉሉ ጻዕርን ተባላሓትነትን ስለ ዘርኢ፡ ንተኻእቲ ወለዶታት መሃሪ'ዩ። ቁልዑን መንእሰያትን ዘለኽሉ ይኹን ዘሕለፉ ጥዑም ይኹን መሪር ተመክሮ ህይወት እናንበቡ ምስ ዝዓብዩ፡ ፍቕሪ ሃገር፡ ባህሊ ጅግንነት፡ ጻዕረኛነት፡ ተጻዋርነት፡ ጽንዓት፡ ፍትወት ስራሕን ፍልጠትን ካልእ ክብርታትን ክቕስሙ ዘኽእሎም'ዩ።

ብዚ መንጽር'ዚ፡ ተጋዳሊት ኣብርሀት የማ ውልቀ-ታሪኻ ንምዝንታው ዘወሰደቶ ተበግሶ ንብዙሓት ፍሉይ ተመክሮ ዘለዎም ኣርኣያ ዝኾውን'ዩ። ደራሲት፡ ኣብ ኣእምሮኣ ዝዐበረ ዝኽሪ ምስ ደቂቕ ዝርዝራቱ፡ ብንጹር፡ ንጹህን ቀጥታዊን ኣገላልጻ፡ ብዘይሰልከዊ ዋሕዚ ኣዘናትዋ፡ ህይወትን ጣዕምን ኣልቢሳ፡ ተነቢ መጽሓፍ ከተዳሉ ዝበረቶ ጻዕሪ ዝከኣድ'ዩ።

**ሰሎሞን በርሀ**

## መጽሓፍ፡ እቲ ለባማት ንወለዶታት ዝሓድጉዎ ዝበለጸን ዝኸበረን ውርሻ እዩ

ተጋዳሊት ኣብርሀት የማነ (ጓል-የማነ)፡ ካብ ጓል ዓሰርተ ዓመት እንከላ ዝጀመረቶ ቃልሲ፡ ክሳዕ ናጽነት ንዝሓለፈቶ ገልታዕታዕ ዘጋጠማ ከቢድ መውጋእትን መሪርን ነዊሕን ማእሰርትን ክትሰንድ ምብጋሳ፡ “ካብቲ ዝፈጸምክዮ ጅግንነታዊ ታሪኽ ዘይንእስ ታሪኽን ጅግንነትን ኢኺ ሰሪሕኪ” ክብላ እደሊ።

ታሪኽ ወላ'ኳ ብዝዕባ ሕሉፍ ዝዛረብ እንተኾነ፡ ንመጻኢ ስለ ዝጸሓፍ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ክሳዕ ሕጂ ብዘረኽብናዮ ዝሰከድናዮ ጅግንነታዊ ታሪኽ፡ እዛ መጽሓፍ'ዚኣ እትምልኣልናን እተህብትመልናን ፍልጠትን ንቕሓትን ብዙሕ እዩ'ሞ፡ ንሽሮ ጠስሚ ተወሰኾ እናበልኩ፡ ንኹልና ተረኽቢትን ወረስትን ወለዶ እንቋዕ ሓገሰና እብል። መጽሓፍ፡ እቲ ለባማት ንወለዶታት ዝሓድጉዎ ዝበለጸን ዝኸበረን ውርሻ'ዩ።

መጻሕፍቲ፡ ብርግጽ ናብቲ ዘይሃጽፍ ባሕሪ ታሪኽ እናሻዕ እናኣጥሓሉ ዘሐምብሱናን ዘንሳፍፉናን ብሉጻት ጀላቡ እዮም። እዚ ሓቂ'ዚ ኣብ ቦታኡ እናሃለወ፡ መጽሓፍ “ሜዳ፡ ኣለም-ብቓኝ፡ ሜዳ” ብቐሊል ብዘውሓጥን ኣዘናይን ኣጸሓሕፋ ዝተጻሕፈት ብምዃና፡ ከተንብብ ካብ ትጅምር ኣብቲ ዛንታ ጥሒልካ ብስእሉ-ኣእምሮ ምስትየም ኣብቲ መጽሓፍ ዘለዉ ሰባትን ፍጻሚታትን ከም እትሳለ ትገብረካ። ናይ መጽሓፍ ጸቡቕ ሃገር፡ ኮይኑ ገጸ ባህርያት፡ ቦታታትን ፍጻሚታትን፡ ብናይ ባዕልኻ ኣእምሮኣዊ ስእሊ ትስእሎምን ትፈጥሮምን። ስለ ዝኾነ ነዛ መጽሓፍ ክጅምራን ዝተወለደትሉ ዕለትን ቦታን ኣቕሚጣ፡ ኣብቲ ደራሲት ዝተወለደትሉ ግዜ ተፈጢሩ ዝነበረ ጸገማትን ዝሓለፈቶን ጉዕዞ እዕዙብ። ግዜ ቀልዕነታ ከስተማቕር ዝኸኣለ ሃገራዊ ስምዒታታን ንጥፈታታን ክምስክር፡ ጉፍ-ጉፍ ግዜ ንቕሓታ፡ ውዳበኣን ምዕጣቓን እናተሳለኹ ክምከር... ኮታ፡ ግዜ ታዕሊማ፡ ናብራ ገድላን መውጋእታን ቃንዛኣን ስቓያን ነዊሕ ማእሰርታን ከርተታን ብህያው ክርኢ ኣኽኢላትና።

ደራሲት፡ ካብ ግዜ ቀልዕነታ'ያ ህይወታ ንቓልሲ ንናጽነት ወፈያቶ። ጓል 10 ዓመት ተማሃሪት ራብዓይ ክፍሊ እንከላ ብሰንኪ ኣብ ከረን ዝረኣየቶ፡ ኣብ ዕዳጋ ዝተሰቕለ ዘሰካሕክሕ ሬሳታት ተጋደልቲ፡ እዛ ሃገር ጸገም ወሪዱዋ ከም ዘበረን ፍታሕ ክመጽእ ከም ዘበርን ኣብ ዘይዕድሚኣ ዘይዳቐማ ክትሓስብ ቐሲቡዋ። እዚ ናይ ፈለማ ጦብላሕታ'ዚ ኒሕ ኣትሒዙዋ፡ ንግዜ ቀልዕነታ ከም ቁልዓ ጉዙዝ ሃክትን ክትጻወት ዘይኮነት፡ ኮይኑ ካብ ኣእምሮኣ ምህሳስ ዝኣበየ ዝረኣየቶ ግፍዒ፡ ምስ ካብኣ ዝዓበዩ ኣብ ምዕባል ተጸምደት። ብኡ ኣቢሉ ሃገራዊ ስምዒታን ቅርሕንቲ ኣብ ልዕሊ ጸላእታን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናበረኸ ብምኻዱ፡ ሃማን ቀልብን ምስ ሃገራን ተጋደልትን ኮነ። ኣብ ትሕቲ ዋህዮ ብምውዳብ፡ ኣብ ምንቃሕን ምውዳብን እናነጠፈት ክትሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ተዓሊማ ናብ ተዋጋኢ ሰራዊት ተወዚዓ ኣብ ኩናት ብጅግንነት እናተዋግአት ብኸቢድ ብምህራማ'ያ ተማሪኻ። መጀመርታ ኣብ ኣስመራ ሓዚሓዝ፡ ድሒሩ ኣብ ኣለም-በቓኝ (ኣዲስ-ኣበባ) ንትሸዓተ ዓመታት ድሕሪ ምእሳር፡ ኣብ 1988 ተፈቲሓ ናብ ስድራኣ ምስ ተጸንበረት'ውን እቲ ካብ ግዜ ቀልዕነታ ዝተሰመየ ዕላማ ኣብ ምዕራፉ ዘይበጽሐ ብምንባሩ፡ እንደገና ናብ ሜዳ ተመሊሳ ክሳዕ ናጽነት ተጋዲላ። እዚ፡ ከም ሰብ ኣብ ውሑዳት፡ ከም ህዝብን ሃገርን ድማ ኣብ ካልእ ብዙሕ ዘይረኣ ጅግንነታዊ ተርእዮ እዩ።

ጅግንነታዊ ፍጻሜታት ታሪኽ፡ እንተ ዘይተሰኒዶም ክፍለጡን ክውረሱን ስለ ዘይክእሉ፡ ኸዚ ታሪኽ ምፍላጠይ ጥራይ ዘይኮነ፡ ክምስክረሉን ጦብላሕታይ ክገልጸን ዕድል ብምርካበይ እሕበን። ብርግጽ ዶንጉዩ እዩ፤ ናጽነት ጥራይ'ኳ ልዕሊ 30 ዓመት ኣቑጺሩ'ሎ፤ ግን ከኣ እንቋዕ ኣይበኸሩ።

ቅድሚ ሕጂ ንጓል የማነ እፈልጣ'የ። መጽሓፉ ምስ ኣንበብኩ ግን፡ እፈልጣ ከም ዘይነበርኩ'ዩ በሪሁለይ። ውዕሎኣን ዝሓለፈቶ ጉዕዞን ተዓቢጡ ብምንባሩ በቲ ድሕሪ ናጽነት ንህዝቢ - ብፍላይ ከኣ ንደቀንስትዮ - ትህቦ ዝነበረት ምኽርን ማዕዳን ጥራይ'የ ዘድንቓ ነይረ። ምሉእ ህይወታ ንህዝባን ሃገራን ዘወፈየት ምንባራን ምህላዋን መጽሓፉ ምስ ኣንበብኩ'የ ፈሊጠ። ኣብ እዋን ቀልዕነታ ንሕብረተሰብን ንዘተገለሉ ሰባትን ተርእዮ ዝነበረት ሰብኣውነት፡ ብፍላይ ምስተን ሕብረተሰብ ኣግሊሉወን ዝነበረ ኣደይ ዘማዝምን ከሉንትና ወርቂን ዝነበራ ደቂ ንዝወጻ ተርእዮ ዝነበረት ምድንጋጽ ፍሉይ እዩ።

እዛ መጽሓፍ፡ ወላ'ኳ ዝኸርታት ውልቀ-ታሪኻ ዘሓዘለት ትኹን'ምበር፡ ብሓፈሻ ዝኸርታት ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ሓቚፋ ኣላ። ማእለያ ዘይብሎም ጀጋኑ ብጾት ብቐጥታን ብዘዘዋዋርን ተጠቒሶም ኣለዉ። ከሉ ዓይነት ቃልስን ተቓላሳይን ዘሓዘት ድማ'ያ። ዝወደቡን ዝውደቡን፤ ዘንቅሑን ዝነቕሑን፤ ዝሃጥቑን ዘጥቑን፤ ኣብ ዕላማኦም ጸኒዖም ዝጋደሉን ዕላማኦም ረጊጾም ዝኸሓዱን፤ ምእንቲ ወጹዓት ዝሰንከሉን ዝሰውኡን ምስ ጸላኢ ወጊኖም ንወጹዓት ዝኮደኡን ዝቐትሉን ወዘተ። ኩሉ'ቲ ንሃገር ከርተት ዝበለ ህዝቢ - ዓቢ ንእሽቶ፡ ጓል ወዲ - ዝሓቘፈት ብምዃና፡ ኮይኑ “ሓቀኛ ታሪኽ ሃገራትን ሕብረተሰባትን ኣብ ታሪኽ ውልቀሰባት እዩ ዝምርኮስ” ዝብል ኣበሃህላ እተራጉድ እያ።

ኣብዛ መጽሓፍ፡ ናይ ገለ ኣብ በበይኑ እዋንን ቦታን ስለ ዕላማኦም ዝተሰውኡ፤ ዝሰንከሉን ዝተረፍሉን ዝርዝር ኣስማት ምስ ፍጻሜታቱ ብምህላው፡ ክጽኦ'ቲ ኣንቢብካ ፍልጠትካን ንቕሓትካን እተበርኽሉ ብልጫ፡ ዝያዳ ታሪኽ ንምብርባርን ንምስናድን ብልጽቲ መወከሲት እያ። (. . .)

መጽሓፍ፡ “ሜዳ፡ ኣለም-ብቓኝ፡ ሜዳ” ብንጹህና ጸሓፊት ዝተመልኣት'ያ። ኩሉ'ቲ ዝነበረን ዝሓለፈን ታሪኽ፡ ብጾጺ ኣገባብን ብዘይሕብእብእን እያ እትገልጾ። ኣብ ገለኡ'ውን፡ ወላ'ኳ ህይወት ገድሊን ቃልስን ዝፈጠሮ ፍሉይ ባህርን ወተሃደራዊ መምርሕን እንተ ነበረ፡ ሰብ ብምዃኻ ጥራይ ካብ ሰብኣውነት ክትወጽእ ከም ዘይትኽእል ዘርእን ዝገልጽን ማእለያ ዘይብሉ ፍጻሜታት ሰፊሩ'ሎ። ብዚ ኸኣ ጓል-የማነ ኮይኑ “ተጋዳላይ ገይረ ኣይብልን እየ” ዝብል ኣበሃህላ ብግቡእ ከም ዝተረድኣቶ'ዩ ዘጽር። ምኽንያቱ እዚ ኣበሃህላ'ዚ ብዝፈጸምካዮ ጅግንነት ክትጅሃርን ክሳዕ ኣፍንፍጌኻ ክትንፋሕን የብልካን ማለት ደኣ'ምበር፡ ንዝተፈጸመ ጅግንነት ቀብርካዮ ከድ ማለት ስለ ዘይኮነ።

ታሪኽ፡ ብስነ-ፍልጠታዊ ምርምርን ጥበብን እንተ ዘይተጻሒፉ፤ ተገሊጹን ተተርጒሙን ብሰራሕቱ ክይተረፈ ክርሳዕ ከም ዝኽእል፡ ርሑቕ ከይከድና፡ ኣብዚ ሓጺር ናይ ናጽነት እዋን ርኢናዮ ኢና። ዘለናዮ ግዜ፡ ግዜ ረቂቕ ቴክኖሎጅን ዲጂታላዊ ሚድያን ብምዃኑ፡ ብዙሓት ሰባት፡ “ስነ-ጽሑፍ ሞይቱ እዩ” ኢሎም ኣብ ዝኣምኑሉ ወለዶ ንርከብ ብምህላውና ጥራይ፡ መጽሓፍ ኣብ ምጽሓፍ ተሰፋ ዝቘርጹ ክህልዉ ይኽእሉ'የም። እንተኾነ ከምቲ ንቕሚ፡ ‘እንቋዕ ተሰንከተ'ምበር ንቑልዓ ኣብ ጸባ ኣሊኽና፡ ንዓበይቲ መዓር ለኺና ከሎልም ኢና’ ዝበሃል፡ እቲ ታሪኽ ኣብ ግዜኡ ደሰድ ጥራይ'ምበር፡ እንተ ደሊና ብድምጺ፤ እንተ ደሊና ብድምጽን ስእልን ወይ ብቪድዮ ንወረስቲ ከንቅርበሎም ንኽእል ኢና።

**ነጻነት ኣደም**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ ጉብረማርያም፡ስም ኣቦይ ጉብረማርያም ተኸለማርያም ምባል ተሪፉ፡ ጉብረማርያም ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/23 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ወ/ሮ ፋና ኣልገዳ በላይ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ተስፋይ ዑቕበ ተስፋማርያም ናይ ወቕልና ምስራዝ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን30/12/22 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጥ።

ሶልያና ኣተሸም ኣብርሃም፡ ስም ኣደይ ኢትዮጵያ ርስቱ ምባል ተሪፉ ለተንስኤ ርስቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/23 6ይ መጋባእያ ቁ.40 ይቕረብ።

የኤል ኣተሸም ኣብርሃም፡ ስም ኣደይ ኢትዮጵያ ርስቱ ምባል ተሪፉ ለተንስኤ ርስቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/23 6ይ መጋባእያ ቁ.40 ይቕረብ።

ፍዮሪ ኣተሸም ኣብርሃም፡ ስም ኣደይ ኢትዮጵያ ርስቱ ምባል ተሪፉ ለተንስኤ ርስቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/23 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

ብርሃመስቀል ኣረፋይነ ሞገስ ምባል ተሪፉ፡ ብርሃመስቀል ኣረፋይነ ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/1/23 ኣብ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ።

ሃብቶም ተኽስተ ወልደማርያም ምባል ተሪፉ፡ ሃብቶም ከስተ ተኽለማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/1/23 ኣብ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

ብቁ/መዝ/1836/2022 ንምቕሊት ወርሻ ዝምልከት ጉዳይ ኣብ መንጎ ከሳሲት ወረ/ፍ/ተኽለ ኣብርሃ ተመልሶ/ ወ/ሮ ሳባ ተኽለ ኣብርሃን፡ ተጸዋዕቲ ወ/ረ ፍ/ተኽለ ኣብርሃ ተመልሶን ወ/ረ/ ፍ/መድህን ሓደራ ጎሎምን 1. ወ/ሮ የዲት ተኽለ ኣብርሃ 2. ወ/ሮ ጸሃይሽ ተኽለ ኣብርሃ 3. ወ/ሮ የሃንሱ ተኽለ ኣብርሃ 4. ኣቶ ሃይለ ተኽለ ኣብርሃ 5. ኣቶ ተስፋልደት ተኽለ ኣብርሃ 6. ኣቶ በላይ ተኽለ ኣብርሃ (ሞግዚት ኣብረሻ ጉልቡት) 7. ኣቶ ኣማኑኤል ተኽለ ኣብርሃ 8. ኣቶ ቢንያም ተኽለ ኣብርሃ 9. ኣቶ ኣብርሃም ተኽለ ኣብርሃ ክሲ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ከሳሲት ብዕለት 8/11/22 ተጻሒፉ ብዘቕረበ ምልክታኣ መሰረት፡ ተጸዋዕቲ ቁ.2,4,5,7,8,9 ኣብ ወጻኢ ሃገር ስለዝቕመጡ ናይዚ ኣቕረቦ ዘለኹ ቅዳሕን ክስን መጸዋዕታን ክበጽሓሎም ኣይክእልን እዩ ብምባል ብቃል ማሕላ ዝተሰየ ሰድ ኣቕሪባ። ብዝወሃኸ ከሳሲት ዝርዝር ኣድራሻ ናይ ኣብ ቁ.2 ወ/ሮ ጸሃይሽ ተኽለ ኣብርሃ ቁ.4 ኣቶ ሃይለ ተኽለ ኣብርሃ ቁ.7 ኣቶ ኣማኑኤል ተኽለ ኣብርሃ ቁ.9 ኣቶ ኣብርሃም ተኽለ ኣብርሃ ተጠቒሶም ዘለዉ ተጸዋዕቲ ቅረቡ። ኣብ መንጎ ከሳሲት ወረ/ፍ/ ተኽለ ኣብርሃ ተመልሶ ወ/ሮ ሳባ ተኽለ ኣብርሃን፡ ተጸዋዕቲ ወ/ረ/ፍ/ተኽለ ኣብርሃ ተመልሶን ወረ/ፍ/መድህን ሓደራ ጎሎምን 1. ወ/ሮ የዲት ተኽለ ኣብርሃ 2. ወ/ሮ ጸሃይሽ ተኽለ ኣብርሃ 3. ወ/ሮ ይሃንሱ ተኽለ ኣብርሃ 4. ኣቶ ሃይለ ተኽለ ኣብርሃ 5. ኣቶ ተስፋልደት ኣብርሃ ተኽለ 6. ኣቶ በላይ ተኽለ ኣብርሃ (ብሞግዚት ኣብረሻ ኣብርሃ) 7. ኣቶ ኣማኑኤል ተኽለ ኣብርሃ 8. ኣቶ ቢንያም ተኽለ ኣብርሃ 9. ኣቶ ኣብርሃም ተኽለ ኣብርሃ ንምቕሊት ወርሻ ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊቱ ይርአ ስለዘሎ፡ ኣብ ቁ.5 ኣቶ ተስፋልደት ተኽለ ኣብርሃ 8. ኣቶ ቢንያም ተኽለ ኣብርሃ 9.ኣቶ ኣብርሃም ተኽለ ኣብርሃ ኣብ ቁ.5 ኣቶ ተስፋልደት ተኽለ ኣብርሃ ቁ.8 ኣቶ ቢንያም ተኽለ ኣብርሃ፡ ኣስማቶም ተዘርዚሩ ዘሎ ተጸዋዕቲ ተቐማጦ ወጻኢ ኮይኖም ኣድራሻኦም ስለዘይተፈለጠ፡ ተጸዋዕቲ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን11/01/23 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ንሕብር።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ቀሺ ጉብረመስቀል ቀሺ ዓንደሚካኤል ኣቦይ፡ ኣቦይ ቀሺ ዓንደሚካኤል ኣቦይ ሓጎስ ስለ ዝዋረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወረሲ ምዃነይ ደረጋግጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጸጸራት

ወ/ሮ ደርጋኣለም ተወልዱ፡ በዓልቤተይ ዳዊት ዓንደሚካኤል ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ምስ 3 ደቀይ ዝበደፈልና ለዋ ደጽደቐልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ግዛ ባንዳ

ሃይለ ጉብረእግዚኣብሄር ሃብተገርግሽ፡ ሓፍተይ መም/ትብለጽ ጉብረእግዚኣብሄር ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ኣቶ ሰለሙን ተስፋይ ደምስ፡ ኣደይ ኪዳኑ ተስፋይ ሓጎስ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወረሲ ምዃነይ ደረጋግጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ዳናይት ብርሃ ኣለም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሚሮን ኣማኑኤል ተስፋማርያም ናይ ፍትሕ ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን17/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጥ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ተራቖሎ

በየለል ኪዳነ ክፍለማርያም፡ ብወከል ሓዳስ ኣርኣያ ክፍለማርያም ኣቢሉ፡ ወላዲየይ ኢንጅነር ኪዳነ ክፍለማርያም ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 18/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ትርሓስ ወልዱ ንጉሱ፡ ኣደይ ስላስ ተወልደመድህን ኣብርሃ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወረሰት ምዃነይ ደረጋግጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሕምብርቲ

ኣቶ ሃይለ ተስፋሚካኤል እንግዱ፡ ወለድና ኣቶ ተስፋሚካኤል እንግዳ ትንስእን ወ/ሮ ሉተብርሃን ተወልደ ወልደጻዮንን ስለዝዋረፉ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቶም ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ ን7/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ቁሸት

ኣቶ ኣብርሃ ተኽለማርያም ጉብረኣምላኽ፡ ኣቡሓጎይ ኣቶ ከፈለ ሚካኤል ስለዝዋረፈ፡ 6 መወትቲ ደቁን 5 ተተኻእቲ ደቆምን ወረስቲ ምዃናም ደረጋግጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ኣብርሃ ተኽለማርያም ጉብረኣምላኽ፡ ኣኮይ ጉብሩ ከፈለ ሚካኤል ስለዝዋረፈ፡ 6 መወትቲ ኣሕዋቱን 5 ተተኻእቲ ደቆምን ወረስቲ ምዃናም ደረጋግጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ንኣምን

ከሳሲት ወ/ሮ ሰናይት ፍስሓጼን ሓይልከኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋጼን ከርስ ሃይለስላሴ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን6/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ስመይ ወሩብ ሕሸን ዑመረዲን ምባል ተሪፉ፡ ዓብደልወሩብ ሕሸን ዑመረዲን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ት ሳባ ቃላኣብ ጉብረእየሱስ፡ ወላዲተይ እሙና ደብረጻዮን ዳናይ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 16/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ዊንታ ጉብረገርግሽ ተስፋሚካኤል፡ ወከል ኣቶ ጉብረገርግሽ ተስፋሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ፊሊሞን ተኽለወይኒ ወልደሚካኤል ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን13/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጥ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማይ ምጭ

ወ/ሮ ጉዖይ ኪዳነ ባህረ፡ በዓልቤተይ ተኽሊት ዕቑበ ኪዳነ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 8 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ስመይ ሮዳስ ተስፋገርግሽ ወልደማርያም ምባል ተሪፉ፡ ሮዳስ ጉብረጾርጊስ ወልደማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ዃላ

ስመይ ሚከኤለ ተስፋማርያም ጉብረእግዚኣብሄር ምባል ተሪፉ፡ ዓወት ተስፋማርያም ጉብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/23 ኣብ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኩዓቲት

ከሳሲት ወ/ሮ ጺጋ ጉብረሂወት ኣብሩ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ርበል ተኽለም በየነ ናይ ገንዘብ ዕዳ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን25/1/23 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ኣብ ቤ/ት ፍርዲ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

## ቤት-ፍርዲ ዞ/ባ/ቀ/ባሕሪ ባጽዕ

ኣሸን ዛን ሻን ምባል ተሪፉ ዝሃንዮማንይ ዛን ሻን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/12/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ ከባቢ 02

ወ/ሮ ምላሹ ኣብርሃ ተስፋየውሃንስ፡ በዓልቤተይ ኣቶ ተኸስተ ጉብረስላሴ ኪዳነ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ን27/12/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ብስመይ ግደይ ጉብረሚካኤል መሃዝል ዝተመዝገበ ገዛ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ከባቢ እምባጋልያኖ ፕሎት 26 ፓርሰል "C" ዚፕ ኮድ 1A111 ጎደና 111-1 ቁ.ገዛ 4 ዝርከብ መለለዪ ንብረት ASD00016622 ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ምስክር ምዝገባ ዋንነት ዘይንቀሳቐስ ንብረት ብቁ.ንብረት 1BRASM016357/1 ብዕለት 04/05/2021 ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸለይ፡ ንወ/ሮ ኣለም ተኽለማርያም ኣድኅይ ስለዝሸጥኩላ'ሞ ናብ ስም ዓዳጊት ከመሓልልፍ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ሕጋዊ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ንቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ንቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

ግደይ ጉብረሚካኤል መሃዝል

---

### ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ተመስገን ጉብረኪዳን+1ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ክብሮኣብ ወልደኣብ ዝበረ ናይ ገንዘብ ክርክር፡ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብቁ/መዝ 031/20 ብዕለት 07/07/2021 ብዝተዋህበ ትእዛዝ መሰረት፡ እዚ ኣብ ዓዲ ቀ ዝርከብ ህንጻ ብስም ኣቶ ተመስገን ጉብረኪዳን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ብሓራጅ ተሸይጡ መኽፈሊ ዕዳ ክኽውን ቤት ፍርዲ ኣዚዙ። በዚ መሰረት፡ ኣብቲ ገዛ ኣብ ዓዲ (ቀ) ቁ.2 ኣብ ፕሎት 135 ፓርሰል ዲ ኣብ 250 ት.ሜ ዝተደኮነ ቁ.3 ኣብ ፕሎት 135 ኤፍ ኣብ 123,75 ት.ሜ ዝተደኮነ እዚ ክልተ ገዛ ኣብ ክልተ ክፍቀል ዘይክእል መበገሲ ዋጋ 1,501,875,68 (ሓደ ሚልዮንን ሓሙሽተ ሚእቲን ሓደን ሽሕን ሸሞንተ ሚእትን ሰብዓን ሓሙሽተን 68% ) ናቕፋ ምዃኑ እዩ።
ስለዚ ኣብቲ ዝግበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ 1/4 ናይ ዝተዋህበ ግምት ብኣካል ወይ ሕጋዊ ወከሉ ብስሙ ዝተመዝገበ ናይ ባንክ በክ ወይ ድማ ብስም ፊ/ፍርዲ ሲፒኦ (C.P.O) ኣሰሪሑ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ተወዳደርቲ ቅድሚ ዕለት ጨረታ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ፡ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብቑጽርን ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲ ቤ/ጽ/ዋ/ፊ/ፍርዲ ቁ/62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ። ሓብሬታ ዝደሊ ኣብ ቁ/08 ቀሪቡ ይወከስ። ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይ ኣምጺኡ ሓራጅ ኣየቋርጽን።

ዕለት ሓራጅ፡ 27/1/23
ሰዓት ሓራጅ፡ 3:00- 4:00 ድ/ቀ
ቦታ ሓራጅ፡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/27
ቤ/ጽ/ዋ/ፊ/ፍርዲ

---

ሓበሬታ



ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8፡00-12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-Mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ!!!

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ቻይና - ኵነታት ኮቪድ-19 መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ይቕይር

ኣብ ቻይና ብዕብየታ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ከምእትስራዕ ዝነገረላ ከተማ ሻንግሃይ፡ ኣብ ውሽጣ ዝርከብ ኩለን ኣብያተ-ትምህርቲ ንተማሃሮኦን ብኦንላይን ክምህራ ከምዝኣዘዘት ተገሊጹ።

ምምሕዳር ናይታ ከተማ ነቲ ትእዛዝ ዘመሓላለፈ፡ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ንምቁጽጻር ኣብ ከተማታት ናይ'ታ ሃገር ጸኒዖም ዝጸንሑ ተረርቲ ቀይዲታት ድሕሪ ምልዓሎም እቲ ቫይረስ ከምእንደገና ብልዑል ናህሪ ኣብ ዝላባዓሉ ዘሎ እዋን'ዩ።

ብመሰረት ማዕከናት ዜና ቻይና፡ ኣብ ሻንግሃይ ዝርከብ ናይ መባእታ፡ ማእከላይን ላዕለዋይን ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ነቲ ትእዛዝ ብምኽባር ካብ ትማሊ ሰኑይ ጀማሪረን ንመስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ቀዩረንኦ ኣለዋ።



ኣብታ ኣስታት 25 ሚልዮን ህዝቢ ዝነብረላ ከተማ ዝርከብ መዋእለ-ህጻናትን ማእከላት መናበዪ ህጻናትን እውን ልክዕ ከም'ተን ካልኦት ኣብያተ-ትምህርቲ ተማሃሮኦን ኣእብ ገዛኦም ኰይኖም ዝምሃሩሉ ኣገባብ ክኽተላ መምርሒ ተዋሂብወን ኣሎ።

ቻይና፡ ለበዳ ኮሮና-ቫይረስ ኣብ መወዳእታ 2019 ኣብ ከተማ ውሃን ድሕሪ ምጅማሩ፡ 'ዜሮ ኮቪድ' ዝብል ተረር ፖሊሲ ብምውጻእ፡ ኣብ ኩለን ከተማታታ ናይ ዕጹዋን መርመራን ስጉምቲታት ክትወስድ ምጽንሓ ይፍለጥ።

ይኹን'ምበር፡ እታ ሃገር ኑቶም ኣብ ባይታ ጸኒዖም ዝጸንሑ ተረርቲ ቀይዲታት ዝሓለፈ ሰሙን ከተፋኽሶም ድሕሪ ምጅማራ፡ እቲ ቫይረስ ከምእንደገና ብልዑል ናህሪ ይላባዕ ከምዘሎ'ዩ ዝገልጽ።

ኣብ ፈለማ ናይ'ዚ ዓመት'ዚ ንመጠን መልከፍቲ ኮቪድ-19 ናብ ከባቢ ባዶ ማእታዊት ከተውርዶ ክኢላ ዝነበረት ቻይና፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓርቢ ጥራይ 2,286 ሓደሽ መልከፍቲ ከምዝመዝገበት ሓቢራ።

ዝመጽእ ወርሒ፡ ኣብ መንጎ ከተማታትን ገጠራትን ልዑል ምንቅስቓስ ናይ ህዝቢ ዝረኣየሉ ሓድሽ ዓመት ቻይና ምኳኑ ዘመልከቱ ሰቡማዚ ጥዕና ናይ'ታ ሃገር፡ ብኡ ምኽንያት እቲ ለበዳ ኣብቲ 1.4 ቢልዮን ዝገመት ህዝቢ ቻይና ብምስፍሕፋሕ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ክይከውን ዓቢ ስግኣት ከምዘሎ ገሊጾም።

## ላይበርያ - ፕረዚደንት ካብ መገሻ ኣብ ዝተመልሰሉ ህዝባዊ ተቓውሞ ተላዒሉ




ፕረዚደንት ላይበርያ ጆርጅ ዊያ፡ ን48 መዓልታት ኣብ ወጻኢ ዝፀበር ዑደት ዛዚሙ ናብ ሃገሩ ክምለስ ኣብ ዝተበገሰሉ እዋን፡ ኣብ ሞንሮቭያ - ርእሰከተማ ናይ'ታ ሃገር ሓያል ህዝባዊ ተቓውሞ ከምዝተላዕለ ተገሊጹ።

ዝሓለፈ ቀዳመሰንበት፡ ብኩቡሪ መጉብር ዝማረሩ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ነበርቲ ናይ'ታ ከተማ ኣብቲ ዝዓበየ ሃገራዊ ስታድዮም ድሕሪ ምትእኽኻቦም፡ ኣንጻር'ቲ ፕረዚደንት ዝቐንዐ ተቓውሞ እናኣሰምዑ ኣብ ጐደናታት እታ ከተማ ከምዝመረሹ ተሓቢሩ።

እቲ ተቓውሞ፡ ብተቓወምቲ ሰልፈታት ናይ'ታ ሃገር ከምዝተወደበ እውን እቲ ዝተዘርግሐ ሓበሬታ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

ገለ ካብ'ቶም ተሳተፍቲ ናይቲ ተቓውሞ ንዝተፈላለያ ማዕከናት ዜና ዓለም ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ብሰንኪ ክቡሪ መሰረታውያን ሃለኽቲ ነገራት ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ብሰንኪ ናህሪ ዋጋታት መግቢ ኣዝዩ ጽንኩር መጉብር ኣብ ዘሕልፉሉ ዘለዉ እዋን፡ ፕረዚደንት ጆርጅ ዊያ ብዝገዝኦ ህዝቢ ንኣስታት ክልተ ወርሒ ዝኣክል ኣብ ወጻኢ ሃገራት ክሸራሸር ምምራጹ ምሕር ከምዘቖጥዖም ተዛሪቦም።

ወሩይ ኣፍሪቃዊ ተጻዋታይ ኩዕሶእግሪ ዝነበረን ኣብ 1995 'ብሉጽ ተጻዋታይ' ተባሂሉ ሽልማት ባሎን ዲ'ኦር ዝዓተረን ጆርጅ ዊያ፡ ኣብ ሞሮኮ፡ ግብጺን ፈረንሳን ዝፀደ ዑደት ዛዚሙ ዝሓለፈ ሰንበት'ዩ ናብ ሃገሩ ተመሊሱ።

ንሱ ኣብ ዑደቱ፡ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኣመሪካ ተሰሊፉ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022 ዝተሳተፈ ወዱ ንምዕዛብ ክብል'ውን ኣብ ቀጠር ኣብቲ ዝኸበረ ሆቴል እናሓደረ ንብዙሕ መዓልታት ክጸንሕ ከኢሉ'ዩ።

እቲ ፕረዚደንት ኣብ ዑደቱ ዝገበሮ ጸገታት፡ ንኣሽሓት ጥሙያት ዜጋታት ላይበርያ ክዐግል ይኽእል ከምዝነበረ ድማ፡ ተቓወምቲ ወገናት ናይ'ታ ሃገር ይገልጹ።

ብመሰረት ፕሮግራም መግቢ ዓለም፡ ኣስታት 64% ካብ ህዝቢ ላይበርያ ኣብ ትሕቲ መስመር ድኽነት'ዩ ዝነብር። ካብኡ ድማ እቲ 1.3 ሚልዮን ህዝቢ ኣብ ኣዝዩ ሕሰም ድኽነት ይነብር።

ኣብ ዝመጽእ 2023 ፕረዚደንታዊ ምርጫ ክተካየድ መደብ ዘለዋ ላይበርያ፡ ሓንቲ ካብ'ተን ብድኽነተን ኣብ ቅድሚት ዝሰርዓ ሃገራት ዓለም ምኳና ይንገረላ።

## ታይላንድ - ልዕሊ 100 ባሕረኛታት ዝነበሩዋ መርከብ ጥሒላ



ልዕሊ 100 ባሕረኛታት ከምዝነበሩዋ ዝተሃገረላ ናይ ውግእ መርከብ ታይላንድ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ምሸት ኣብ ወሽመጥ ናይ'ታ ሃገር ብዘጋጠማ ሓያል ህቦብላ ድሕሪ ምህምማኣ ንዊሕ ከይጸንሐት ከምዝጠሓለት ተገሊጹ።

ድሕሪቲ ሓደጋ፡ 75 ካብ'ቶም ኣብ ውሽጣ ዝነበሩ ባሕረኛታት ብንኣሽቱ ጀላቡ ተሓጊዞም ክድሕኑ እንክለው፡ እቶም ዝተረፉ 31 ባሕረኛታት ግን ደሃዮም ክርከብ ኣይከኣለን ዘሎ።

ኣሃዱታት ሓይሊ ባሕሪ ናይ'ታ ሃገር ድማ፡ ኑቶም ጠፊኦም ዘለዉ ባሕረኛታት ንምርካብ ክሳብ ትማሊ ሰኑይ ብመራኽብን ሄሊኮፕተራትን ዝተሰነየ ናይ ምድላይ ስርሒታት ከካይዱ ከምዝወዓሉ፡ ኣፈኛ ሰራዊት ናይ'ታ ሃገር ንቢ.ቢ.ሲ. ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ገሊጹ።

ኣብ ታሪኽ ሓይሊ-ባሕሪ ታይላንድ ከምዚ ዝበለ ኣሰቃቒ ሓደጋ ኣጋጢሙ ከምዘይፈልጥ ዝሓበረ እቲ ኣፈኛ፡ እቶም ጠፊኦም ዘለዉ ባሕረኛታት ብህይወት ክርከቡ ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ምህሙን ምኳኑ ኣረዲኡ።

እታ ኣብ ናይ ከለላ ስራሕ ተዋፊራ ዝነበረት መርከብ፡ ካብ ደንደስ ባሕሪ 32 ኪሎ ሜተር ርሒቓ እንክላ ከቢ ፍርቂ ለይቲ'ዩ እቲ ሓደጋ ኣጋጢሙዋ።

## ሎስኣንጀለስ፡ ብምኽንያት ተናበይቲ ጐደና ህጹጽ ናይ ሓደጋ እዋን ኣዊጃ

ቅድሚ ሓደ ሰሙን ሓዳስ ከንቲባ ከተማ ሎስኣንጀለስ (ሕ.መ.ኣመሪካ) ኰይና ዝተመርጸት ካረን ባስ፡ ብምኽንያት ኣብታ ከተማ ዝርከቡ ልዕሊ 40 ሽሕ ግዳም-ሓደር ህጹጽ ናይ ሓደጋ እዋን ከምዝኣወጀት ተፈሊጡ።

እቲ ኣመሓላሊፋቶ ዘላ ኣዋጅ፡ ነቲ ቅልውላው ንምፍታሕ ዝውሰድ ስጉምቲታት ኣብ ምቅልጣፍ ዝተወሰነ ስልጣን ክህባ ምኳኑ ድማ፡ ማዕከናት ዜና ናይ'ታ ሃገር ሓቢረን።

እታ ከንቲባ ዝሓለፈ ሰኑይ ስርሓ ብወግዒ ኣብ ዝጀመረትሉ እዋን ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ "ልዕሊ 40 ሽሕ ነበርቲ ሎስኣንጀለስ ተናበይቲ ጐደና ክኾኑ ምርኣይ ፍጹም ዘይቅቡል ክውንነት እዩ። እዚ ሰብኣዊ ቅልውላው'ዚ መዓልታዊ ህይወት ሓሙሽተ ተናበይቲ ጐደና ይቐዝፍ ስለዘሎ፡ ንምፍትሑ ቅልጡፍ ተበግሶ ክንወስድ ኣለና፡" ክትብል ገሊጻ ነይራ።

ቀንዲ ጠንቂ ናይቲ ኣብ ነበርቲ ሎስኣንጀለስ ተፈጢሩ ዘሎ ከቢድ ሰብኣዊ ቅልውላው፡ ኣብታ ከተማ ዘሎ ኣዝዩ ልዑል ኩቡሪ መጉብርን ልዑል መጠን ግብሪ መንግስቲን ከምዝኾነ እዮም ክኢላታት ዝሕብሩ።

ኣባል ባይቶ ኣመሪካ ዝነበረት ካረን ባስ ከኣ ነቲ ቅልውላው ንምፍታሕ፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ኣባይቲ እናተኻረየት ኑቶም ግዳም-ሓደር ግዚያዊ መዕቆቢ ከተዳልወሎም ክትጅምር ምኳና ቃል ኣትያ ኣላ።

ኣብ እዋን ለይቲ፡ ኣብ ሎስኣንጀለስ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ግዳም-ሓደር ኣብ ጐደናታት ክድቅሱ ምርኣይ ልሙድ ምኳኑ ዘመልከቱ ተዓዘብቲ፡ እቲ ትርኢት ንጽሕቲ ናይታ ከተማ ወትሩ ከምዘሰንብዶምን ከምዘሆድሞምን የረድኡ።

ኣስታት 3.9 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋን ኣብ ኣመሪካ ብዕብየታ ንከተማ ኒውዮርክ ተኸቲላ ኣብ ካልኣይ ደረጃ እትስራዕን ሎስኣንጀለስ፡ ሓንቲ ካብ'ተን ዝሃብተማ ከተማታት ዓለምና ከምዝኾነት'ዩ ዝንገረላ።



## ኣመሪካ - ገያሾ ዘሳፈረት ነፋሪት ኣብ ሰማይ ነውጺ ኣጋጢሙዋ

ኣብ ደሴት ሃዋይ - ሕመኣመሪካ፡ ሓንቲ ኣብ በረራ ዝነበረት ነፋሪት ብዘጋጠማ ብርቱዕ ነውጺ ብዙሓት ካብ ተሳፈርታ ብኸቢድን ፈኩስን ከምዝተጎድኡ ተሓቢሩ።

እታ ንብረት መንገዲ-ኣየር ሃዋይ ዝኾነት 'ኤርባስ330' ዝዓይነታ ነፋሪት፡ ዝሓለፈ ሰንበት 278 ገያሾን 10 ናይ ባሕ ሰራሕተኛታትን ኣሳፊራ ካብ ክፍለሃገር ኣሪዞና ናብታ ደሴት ኣብ እተምርሓሉ ዝነበረት እዋን'ዩ እቲ ሓደጋ ኣጋጢሙዋ።

ብውሕዱ 36 ሰባት ከምዝተጎድኡን 11 ካብኣቶም ኣዝዮም ህሱያት ከምዝኾኑን ዝሓበሩ ሰብመዚ ናይ'ታ ደሴት፡ 20 ካብኣቶም ኣብ ሕክምና ተዓቂቦም ከምዘለዉ ኣረዲኦም።

እታ ነፋሪት ኣብ ሰማይ ነውጺ ከጋጥማ እንከሎ፡ ኣብ ከባቢኣ ብርቱዕ ህጉዳን በርቂን ከምዝነበረ ድማ ተፈሊጡ ኣሎ።

እታ ነፋሪት በቲ ዘጋጠማ ባርዕዲ ሓደጋ ከይተቓጸለት ወይ ወዲቓ ከይተሃምሸሸት፡ ኣብ ኣህጉራዊ መዕርፎ-ነፈርቲ ናይታ ደሴት ብሰላም ክትዓልብ ምኽኣላ ምስ ዕድል ዝቑጸር ምኳኑ ዝሓበረ መንገዲ-ኣየር ሃዋይ፡ ቅድሚ ናብ ኣገልግሎት ምምላስ ዕቱብ መርመራ ክካየደላ ምኳኑ ኣፍሊጡ።

ካብ ጥምጥም ባሕሪ ኣመሪካ ኣስታት 3,200 ኪሎ ሜተር ርሒቓ ኣብ ሰላማዊ ውቅያኖስ እትርከብ ደሴት ሃዋይ፡ ሓንቲ ካብ'ተን 50 ክፍላተ-ሃገር ኣመሪካ እያ።

